*ዕለት 01 ግንቦት 2008.*

## ናይ እሱራት ወገናት ናይ ርድኡና ኣውያት፡ ካብ ሃገረ ግብጺ(ቃርያት-ናስር)።

ኤርትራ ሃገርና ብዘይ ዝኾነ ይኹን ናይ ሃይማኖትን ብሄርን ኣፈላላይ ኩሎም ህዝብታታ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም፡ ብተወፋይነት ዝተቓለሱላ ሃገር እያ። ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኩሎም ህዝብታት ኤርትራ፡ ብዘይ ናይ ብሄርን ሃይማኖትን ኣፈላላይ ኣንጻር ደመኛታት ባዕዳውያን ገዛእትና ደሞም፡ ዓጽሞምን ከቡር ሂወቶም ዝገበሩላ ክብርትን ምጭውትን ሃገር እያ። ስዉኣት ኤርትራውያን ብዘይ ዝኾነ ናይ ሃይማኖትን ብሄርን ኣፈላላይ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶም እናተጋደሉ ምስ ተሰውኡ፡ ኣብ ሓንቲ ጉድጓድ እዮም ተቐቢሮምላ።

ኤርትራውያን ስዉኣት፡ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት ክንዲ'ዚ ዝኣክል ክቡር ዋጋ ክኸፍሉ ድሕር ዘይበሉ፡ ኣብ ነጻ ሃገር ውሑዳት ጨካናት ዜጋታት፡ ኣብ ስልጣን ተቖናጢጦም ንሃገሮም ህዝቦምን ዘዋርዱ፡ ክኾኑ እዮም ኢሎም ብምሕሳብ ኣይነበረን። እኳ ደኣስ ኣብ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ፡ ብጽፍሮም ሃገሮም ብምልማዕ-ብፍቕርን ስኒትን ማዕርነትን ክነብሩ፡ ፍትሕን ብልጽግናን ዝሰፈና ሃገር ንመጻኢ ወለዶ ከረክቡ፡ ብምዕላም እዩ ዝነበረ። ግን ከኣ ድሕሪ ምውጋድ ባዕዳዊ መግዛእቲ፡ ሃገርናን ህዝብናን ዝተጸበዩዎ ኣይረኸቡን። ጻማ ደምን ሂወትን ሰማእታት ደቆም ኣይተፈደዩን። ሃገሮም ኤርትራ፡ ቀሲኖም ብሰላምን ማዕርነትን ተሳንዮም ዝነብሩላ ሃገር ክትከውን ኣይበቕዐትን። ብኣንጻሩ ኤርትራ ሃገርና፡ ውሑዳት ህግደፋውያን ዝዕንድሩላ፡ ኣብዝሓ ህዝብና ኣብ ስቅያትን ውርደትን ዝነብረላ ሃገር ኮይና ኣላ። ካብኡ ዝኸፍአ ከኣ፡ ዜጋታት ብዘይ ፍትሕን ፍርድን ዝእሰሩላ፡ ፍትሒ ዝበሃል ሕርሚ ዝኾነላ፡ ኣብ ዝተኣሰሩሉ ቦታታት ዘይፍለጡላ፡ ከም ጨው ሓቒቖም ዝተርፉላ፡ ኣዝያ ተሰክሕ ሃገር ኮይና ትርከብ። ኣብ ሃገሮም ምንባር ዝሰኣኑ ዜጋታትና፡ ዕድል ረኺቦም ካብ ሃገር ዝወጹ፡ ናብ ስደት ኣምሪሖም፡ ኣብ ምድረ-በዳታት ብከቢድ ሙቐትን ሁቦብላ ሑጻን ሂወቶም ዝስእኑላ፡ ኣብ ባሕርታት ጥሒሎም ኣደዳ ዓሳታት ዝኾኑላ ሃገር እያ ኮይና ዘላ።

እቶም ናብ ስደት ኣምሪሖም ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣብ እስር-ቤታት ተዳጉኖም ከርፋሕ ናይ እስራ-ቤት ሂወት ዘሕልፉ ከኣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ እዮም። በብእዋኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብመንግስታት ዝተበየነሎም ናይ ስቓይን ማእሰርትን ፍርዲ፡ ድከቶም ዝሰትዩ ወገናት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ናይ ርድኡና ኣውያት እናስምዑ፡ ብወገናቶምን ማህበረ-ሰብ ዓለምን ደገፍ እናተገበረሎም፡ ናብ መንጋጋ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ምጥራዝ ድሒኖም፡ ሰላማዊ ናይ ስደት ሂወት ዘሕልፉ ወገናት ቁጽሮም ውሑድ ኣይኮነን።

ዲክታቶርያዊ ኣገዛዝኣ ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብ እዋን ናብ እዋን ብመንፈስ ተስፋ ምቑራጽ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ወለዶና ከኣ ብፍላይ፡ እናኸፍአ ብምኻዱ፡ ናብ ስደት ዝግበር ዋሕዚ ካብ እዋን ናብ እዋን እናዛየደ ምኻዱ ኣይተረፈን።

ስለዝኾነ'ውን ካብ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳያስ እናረኣኻን እናሰማዕካን ምሟት፡ ዕድልካ ፈቲንካ ዋላ ኣብ መንገዲ ወይ ኣብ ባሕሪ ምሟት ይሓይሽ ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ፡ ብዙሓት ወገናት ናብ ስደት ምውሓዝ ቀጺሎም ኣለዉ። ጨካን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዝሃለወ ከኣ፡ ዋሕዚ ናብ ስደትን ሳዕቤናቱን ቀጻሊ ምኻኑ ኣይተርፎን እዩ።

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን ኤርትራውያን፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርኩዎ፡ ህልው ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ብሓፈሻ ንምዝኽኻር ደኣ'ምበር፡ ናተይ ቀንዲ መበገሲ ግን፡ ኣብ ሃገረ ግብጺ ቃርያት ናስር ዝበሃል ዓዲ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጕኖም ዝሳቐዩ ዘለዉን፡ መጻኢ ዕድሎም ናብ ዝኸፍአ ህግደፋዊ ቤት ማእሰርቲ ምጥራዝ ከይከውን፡ ኣብ ከቢድ ስግኣት ዝርከቡ እሱራት ወገናት፡ ዘመሓላለፉዎ ናይ ርድኡና ኣውያት ንምሕባርን፡ ኩላትና ኤርትራውያን ማለት፡- ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ኣብ ምድሓኖም ከነበርክቶ ዝግባእ ሃገራዊ ተራ ንምሕታት ዝዓለመ እዩ።

እቲ ካብ ሃገረ ግብጺ፡ ከባቢ ኣስዋን፡ <u>ቃርያት- ናስር</u> ዝበሃል ዓዲ ተኣሲሮም ዘለዉ፡ ከባቢ 800 ዝኾኑ ስደተኛታት ወገናትና ዘመሓላለፉዎ፡ <u>ህጹጽ ናይ ርድኡና ኣውያት</u> ንምምሕልላፍ እዩ። እቲ ኣሰጋኢ ኩነታት ዝስዕብ እዩ።

ኣብ ሃገረ ግብጺ <u>ቃርያት ናስር</u> ከባቢ 800 ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይርከቡ። ነዞም ዜጋታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ተመሊሶም ናብ ሃገሮም ክጥረዙ ዝተፈላለዩ ጻዕርታት የካይድ ምህላዉ ኣብ'ቲ ከባቢ ዘለዉ፡ ኩነታት እቶም ተኣሲሮም ዘለዉ ስደተኛታት ብቐረባ ዝከታተሉ ወገናት፡ ብስልኪ ሓቢሮም ኣሎዉ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ንኩነታት እሱራት ስደተኛታት ወገናትና ብቐረባ ዝከታተሉ ዘለዉ ወገናት፡ ኣብ ምጥንቃቕን ምፍርራሕን ከይተወሰነ፡ ነቶም እሱራት ብዘይፍቓዶም ናብ ሃገሮም ክጥረዙ ዝተፈላለዩ ውዲታት ይሰርሕ ምይፍሕስ ምህላዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ከባቢ ነቶም ተኣሲሮም ናይ ስቓይ ሂወት ዘሕልፉ ዘለዉን፡ ናብ መንጋጋ ስርዓት ኢሳያስ ከይጥረዙ ሰማይ ደጊፎም ዝሓድሩን ዝውዕሉን ዘለዉ ወገናትና ከም ጠበቓ ኮይና እትከታተል ዘላ <u>ሄባ</u> እትበሃል የመናዊ መንነት ኣለዋ እትበሃል ወገን እያ። እዛ ንጉዳይ እሱራት ስደተኛታት እትከታተል ዘላ ሰብ፡ ወፌራትሉ ዘላ፡ ንወገናትና ናይ ምድሓን ዕማም፡ ዕዉት ክኸውን እንተኾይኑ፡ ናይ ዝተፈላለዩ ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ውልቀሰባት ኤርትራውያን ደገፋት ከምዘድልያ ካብ'ቲ ከባቢ ዝተላኣኸ ሓበሬታ ኣመልኪቱ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ኩነታት እሱራት ስደተኛታት ወገናትና ኣብ <u>ቃርያት ናስር</u> ንምክትታልን፡ ክግበረሎም ዝግባእ ደገፋት ንምብርካት፡ ክከኣል ምእንቲ፡ ዝተሓበሩ ናይ ስልኪ መስመራት ኣሎዉ። ኣብ ታሕቲ ክሕበሩ እዮም። በቶም ስልክታት ኣቢልካ ብምድዋል፡ ኣብ ምድሓኖምን ኣለናልኩም ኣብ ምባልን ናይ ነብሲ ወከፍ ዜጋ ሓላፍነት ክኸውን እዩ።

እዚ ሓበሬታ'ዚ ኣብ'ቲ ሎሚ ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተዓዲሙ፡ ዝተኸበረ መበል 17 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ሃገርና ቀሪቡ እዩ። ኣብ'ዚ መዓልቲ'ዚ ዝወዓሉ ወከልትን መራሕትን ውድባት፡ ሲቪክ ማሕበራትን ውልቀሰባት ኤርትራውን፡ ኣብ ወገናቶም ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ኣብ ምቕንጣጥ በብጽሒቶም ክምዘልዕሉ እምነተይ እዩ።

መልእኽቲ ርድኡና፡ እሱራት ዜጋታትና ኣብ ሃገረ ግብጺ(<u>ቃርያት-ናስር</u>፡) ክብደቱን ምረቱን ንምርግጋጽ፡ በዞም ኣብ ታሕቲ ዝተቐመጡ፡ መስመራት ስልኪ ምሕታት ወይ ምውካስ ይከኣል።

ኣብ ሃገረ ግብጺ፡ ቃርያት ናስር፡ ኣብ ሓደ ብሎክ ተኣሲሮም ካብ ዘለዉ ወገናት ስሞም ዝተፈለጠ ንምጥቃስ፡- <u>ካብ ኣዴታት፡-</u>

1. ወ/ሮ ፍረሂወት ተኸለ ጊላጋብር።
2. ‘’ ራሄል እስቲፋኖስ ገረየሱስ።
3. ‘’ ሂለን ኣፈወርቂ ሃብተማርያም( ነብሰ ጸር እያ፡)

<u>ካብ ህጻናት፡-</u>

1. ኣቤል መሓሪ፡ ወዲ 8 ወርሒ፡
2. ዮሴፍ ሰሎሞን፡ ወዲ 10 ወርሒ፡
3. ማትዮስ፡ ወዲ 3 ዓመት፡

ኣብ ጉዕዞ ብሓደጋ መኪና ኣዲኦም ዝሞተቶም ቆልዑ፡

1. ወዲ 11 ዓመት፡
2. ወዲ 13 ዓመት፡ ኣብ ልዕሊ ሓዘኖም ናይ ቤት ማእሰርቲ ስቓይ ኣብ ምሕላፍ ይርከቡ። ኣስማቶም ንግዝይኡ እንተጸንሐ ይሓይሽ ብምባል ኣይሰፈረን ዘሎ። ብፍሉጥ ምኽንያት።

ካብ ዓበይቲ ሰባት፡

1. ኣቶ ሰለሙን ሰመረ፡
2. ኣቶ ቢንያም ሓድሽ ተስፋይ፡
3. ኣቶ ሳሙኤል ደስታ ንርኣ፡ ይርከቡዎም።

ናይዞም ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ትሕቲ ኣሰቓቒ ቤት ማእሰርቲ ዝሳቐዩ ዘለዉ፡ ጽባሕ ናብ ሃገሮም ተጠሪዞም ኣብ ትሕቲ ጸልማት ቤት ማእሰርቲ ጨካን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ከይወድቁ ኣብ ከቢድ ስግኣት ዝርከቡ ወገናት ሂወት ንምድሓን፡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ኣገደስቲ ውልቀሰባትን ጻዕርታቶም ብቕልጡፍ ከካይዱ ህጹጽ ጻውዒት ይቐርበሎም ኣሎ።

ኩነታት ናይ'ዞም ወገናት በብእዋኑ ንምፍላጥ ዘ'ኽእሉ ናይ ስልኪ መስመራት፡-

1. ስ.ቁ. 0020164165418
2. ስ.ቁ. 0020164538992

ንጉዳይ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ግብጺ(ቃርያት-ናስር) እትከታተል ዘላ ጠበቓ፡ ብስልኪ ንምርኻብ ዝደልን ኣብ ንጥፈታታ ንምድጋፍ ዝደሊ ወገን ዝስዕብ መስመር ስልኪ ክጥቀም ይኽእል።

1. ስ. ቁ. 0020106497392 እያ።

ብርሃነ የማነ፡
ኣባል ማእከላይ ባይቶ፡
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ።

መተሓሳሰቢ፡-
ዝኾነ ይኹን፡ ናይዞም እሱራት ስደተኛታት ኤርትራውያን ጸገማት፡ ህጹጽ ፍታሕ ክረክብ ዝደሊ ወገን፡ ብዝፈልጦ ቋንቋ ቶርጉሙ፡ ናብ ዝተፈላለዩ ሰብኣዊ ማሕበራት፡ መንግስታትን ማሕበረሰብ ዓለምን ከመሓላልፍ ከምዝኽእል ክሕብር እፈቱ።